# ክፍሊ ህዝባውን ማሕበራውን ጉዳያት ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን
# ጎስጓሳዊ ንጥፈታቱ ብኣዲስ ኣበባ ጀሚሩ።

ክፍሊ ህዝባወን ማሕበራውን ጉዳያት ኤዲኪ ብ15 ጥሪ 2012 ካብ ሰዓት 10.00 ቅድሚ ቀትሪ ክሳብ 1.30 ድሕሪ ቀትሪ ኣብ ከተማ ኣዲስ ኣበባ ሰፊሕን ዓይነታውን ህዝባዊ ኣኼብ ምክያዱ ካብቲ ቦታ ዝመጸና ዜና ኣረዲኡ። ኣቦ መንበር ጨፈር ኣዲስ ኣበባ ብ/ጃንቦ ወልዳይ ነቲ ኣኼብ ብድሕሪ ምክፋቱ፡ ኣቦ መንበር ክፍሊ ህዝባወን ማሕበራውን ጉዳያት ኤዲኪ ብ/ሓጅ ዓብደኑር ሓጅን ኣባል ናይቲ ክፍሊ ብ/ዓብደሩሕማን ጣሃ ኑርን ንህልዊ ኩነታት ኤርትራን ሓይልታት ደሞክራስያዊ ለወጢ ዘርእይዎ ዘለዉ ኣወንታዊ ምዕባሌታትን ተራ ኤርትራዊ መንእሰይ ኣብዚ ማስርሕ'ዚ ብዝምልከትን ሰፊሕ መብርሂ ሂቦም።

ብ/ሓጅ ዓብደኑር ሓጅ ንህልዊ ኩነታት ኤርትራ ኣመልኪቱ ሓፈሻዊ መብርሂ ብድሕሪ ምሃቡ፡ ሓይልታት ደሞክራስያዊ ለወጢ ንክወንነት ህዝቢ ኤርትራ ዘንጸባርቕ ካብ ዝተፈላለየ ኩርንዓት ዓለምን ፖሎቲካዊ ዝንባሌታትን ዝወከሉ ኣስታት 600 ዜጋታት ኣብ ሓደ መኣዲ ዘተን ልዝብን ዘሳተፈ ብሕዳር 2011 ዕወት ሰፊሕ ሃገራዊ ጉባኤ ምርግጋጹ፡ ዓይነታዊ ዝላ ምኳኑ ግለጹ። እዚ ፍጻሜ'ዚ ንፖሎቲካዊ ሓይልታት ተቓውሞ ኤርትራ ብሓፈሻ፡ ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ከኣ ብፍላይ ውድቀት ስርዓት ህግደፍ ንምቅልጣፍ፡ ንደንበ ተቓውሞ ኣብ ሓደ ጽላል ንምጥርናፍ ኣብ ሓድነታዊ ጉባኤኡ ብግንቦት 2008 ዝወሰዶ ተበግሶን ኣብ ተግባር ምውዓሉን ታሪኻዊ ፍጻሜ ምኳኑ ገሊጹ።

ብ/ሓጅ ዓብደኑር ሓጅ ካብ ተሳተፍቲ ዝቐረቡ ሕቶታት ክምልስ ከሎ፡ ሜኢከላይ ሜሪሕነት ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ካብ ማእታዊ ወርሒ ሕዳር ጀሚሩ ክሳብ መወዳእታ ታሕሳስ 2011 ኣብ ዘካይዶ ቀጻሊ ኣኼበታት ኣብ ዝሓለፈ ግዜ ዝነበርዎ ብርቱዕን ድኹምን ጎንታቱ ብዕምቆት ምምዛኑ ኣረዲኡ። ሜኢከላይ ሜሪሕነት ሰፊሕ ሃገራዊ ጉባኤ ንደሞክራስያዊ ለወጢ ብዓወት ምዝዛማ ሓደ ፖሎቲካዊ መርሆን ሜሪሕነትን መዚዙ ምውጽኡን ኣብዚ እዋን'ዚ ንዝካየድ ዘሎ መድረኻዊ ቃልሲ ኣገዳሲ መኽሰብ ምኳኑ ኣረጋጊጹ። ካብዚ ብምብጋስ ከኣ ነቲ ተረጋጊጹ ዘሎ ዓወት ብምዕቃብ፡ ኩሎም ደለይቲ ለወጢ ንህዝቢ ኤርትራ ካብቲ ዘሕልፎ ዘሎ ኣሰቓቒ ኩነታት ንምንጋፍን ውሕሉል ደሞክራስያዊ ምሕደራ ንምርግጋጽን ንምጉልባቱ ብርቱዕ ጻዕርታት ከካይዱ ከም ዝግባእ ኣብሪሁ።

ብተወሳኺ ብ/ሓጅ ዓብደኑር ሓጅ ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ኣብ መጻኢ ሰሪዕዎም ዘሎ መደባት ከብርህ ከሎ፡ ኣካል ሃገራዊ ባይቶ ብምኳኑ፡ ዕማማት ሃገራዊ ባይቶ ንምዕዋትን ሓንጺጽዎም ዘሎ መደባት ኣብ ግብሪ ንምርግጋጽን ብኩሉ ዓቕምታቱ ክሰርሕ ምሕንጻጹ ገሊጹ። ከምኡ'ውን ፈጻሚት ቤት ጽሕፈት ኤዲኪ ምስ ፈጻሚ ቤት ጽሕፈት ሃገራዊ ባይቶ ዝሳነ ትልምታትን ኣሰራርሓን ከገብር ድልው ምህላዉ ኣረዲኡ።

ብ/ሓጅ ዓብደኑር ሓጅ ማላእ ሓይልታት ደሞክራስያዊ ለወጢ ንመድረኻዊ  ዕማማት ቃልሲ ብኣድማዕነት ንምፍጻምን ብድሆታቱ ብሓላፍነት ንምግጣምን ተመሳሳሊ ራእይን ፖሎቲካዊ መደብ ዕዮን ዘለዎም ውድባት ተቐራሪቦም ክሰርሑን ናብ ሓድነት ከምርሑን ጻዕርታቶም ከበራትዑ ከም ዝግባእ ኣረዲኡ።

ኣብ ዝካየድ ዘሎ ደሞክራስያዊ ቃልሲ ንተራ ኤርትራዊ መንእሰይ ከብርህ ከሎ፡ ኣብ ሓርነታዊ ቃልሲ ዝነበሮም ልሉይን ጅግንነታውን እጃም ብምዝካር፡ ኣብዚ'ዚ እዋን'ዚ ህዝብን ሃገርን ኤርትራ ብምድሓን ኣብ ሃገርና ደሞክራስያዊ ስርዓት ንምርግጋጽ፡ ብመንገዲ ፖሎቲካዊ ሓይልታት ይኹን በርጌሳዊ ማሕበራት ኣወንታዊ ግዲኦም ክጻወቱ ተላብዩ።

ኣብ መወዳእታ ከኣ እዚ ኣኼብ'ዚ ከምቲ ሜኢከላይ ሜሪሕነት ኣብ ማእታ ጥሪ 2012 ዝውጽኦ ጋዜጣዊ መግለጺኡ ማስረት ብምግባር፡ ክሳብ 10 መጋቢት 2012 ክካየድ ዝወሰኖ ኣኼብኡ ሓደ ካብቶም ብፈጻሚት ቤት ጽሕፈት ዝተሓንጸጹ ትልሚ ዕዮታት ምኳኖም እቲ ዝመጸና ዜና ሓቢሩ።

**ክፍሊ ህዝባወን ማሕበራውን ጉዳያት**
ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን